

ካብ ስድራቤት ወጻኢ ምስ
ዘሎ ሰብ ምዝራብ ሓድሽ ኣረኣእያ
ተጥሪ፡ ጭንቀት ትቕንስን እለታዊ
ህይወትካ ንምእላይ ድማ የቃልለልካ።

ምስ ፋሚልየ-ሉትሰን ኮይንካ ሓሳባትካን
ስምዒታትካን ምስ ትካፈል፡ ባዕላዊ ፍታሕ
ንኽትረክብ ይሕግዘካ። ኣብ ተመሳሳሊ
ኩነታት ምስ ዝርከቡ ካልኦት ሰባት
ብምርኻብ ድማ ብጻይነት ንኽስመዓካ
ዕድል ትረክብ።

## ተወከሱና!

**ተሌፎን:** 063 – 14 40 57
**መካነ-መርበብ:** ostersund.se/familjelotsen
**ፌስቡክ:** Familjelotsen Östersund
**ኢንስታግራም:** familjelotsen ostersund

ነዛ **Mitt val - mitt stöd** ትብል ኣፕ ኣውርድዋ

LADDA NED PÅ Google Play

Hämta i App Store


ÖSTERSUNDS KOMMUN
STAAREN TJÏELTE

**Familjelotsen**
Social- och arbetsmarknadsförvaltningen
Postgränd 8A, 831 82 Östersund
063-14 40 57
www.ostersund.se/familjelotsen


Reviderad: 2025-08



# ፋሚልየ-ሉትሰን

ደገፍ ንዘድልየኩም ወለዲ ወይ
ኣገደስቲ በጽሕን ከምኡ ድማ ቈልዑን
መንእሰያትን ኣብ ጎንኹም ኣለና።

**ብደሓን ምጹ!**

# ደገፍ ንወለድን ካልኦት ደገፍ ንቈልዑን መንእሰያትን ኣገደስቲ ዓበይትን

**ጉጅለታት ወለዲ**
ምስ ካልኦት ብምርኻብ ተመክሮታትን ብምቅይያርን ሓድሽ ኣረኣእያ ምቕሳም

**ብዝርርብ ዝወሃብ ውልቃዊ ደገፍ**
እለታዊ ህይወት፡ ርክብ ኣብ ውሽጢ ስድራቤትን ወላድነትን ብዝምልከት ደገፍ ምርካብ

**ኣንፈታትን ሓበሬታን**
ብመንገዲ ናይ ሞባይል ኣፕን ማሕበራዊ ሜድያታትን ገይርና ምኽርን ድርኺትን ንህብ።




# ደገፍ ንቈልዑን መንእሰያትን

ቈልዑ ምስ ካልኦት ኣብ ተመሳሳሊ ኲነት ዝርከቡ ኮይኖም ተመክሮታቶም ዝቀያይርሉ ናይ ደገፍ ጉጅለ ኣለና።

እዞም ጉጅለታት ኣብ ብጻይነት፡ ምርድዳእን ተሳታፍነት ቈልዑን ዝተመርኮሱ እዮም።



**ፈሪለን**
ቈልዑ ዕድሜኦም 7–17 ዓመት ዘለዋ ስድራቤትን ኣብኣ ብስነ-ኣእምሮ ሕማቕ ዝስመዖ ወይ ወልፊ ዘለዎ ኣባል ዘለዋ ስድራቤት



**ቡብላ**
ወለዶም ዝተፋትሑን ዕድሜኦም ድማ 7–12 ዓመት ንዝኾኑ ቈልዑ



**ትሬደት**
ኣብ ፋሚልየ-ሄም ንዝነብሩ ዕድሜኦም 7-17 ዓመት ንዝኾኑ ቈልዑ

ኣብ'ዘን ጉጅለታት ብዛዕባ ስምዒታት፡ ዝምድናታት ኣባላት ስድራቤትን ኣብ እለታዊ ህይወት ንዘጋጥሙ ከበድቲ ኲነታት ብኸመይ ገይርካ ከም ትኣልዮምን ክንዛረብ ኢና። ነዚ ብዝርርብ፡ ብጸወታን ብዝተማህዙ ልምምዳትን ገይርና ነካይዶ - ኩሉ'ዚ ምስ ዕድመን ድሌታትን ቈልዓ ዝተመጣጠነ እዩ።

# ብኸምዚ ይሰርሕ

- ካብ ካልኦት ውከሳ ወይ ውሳነ ኣየድልየካን እዩ - ብቐጥታ ክትውከሰና ትኽእል ኢኻ
- እዚ ደገፍ እዚ ወለንታውን ካብ ክፍሊት ነጻን እዩ።
- መበገሲና ንዓኻ እንታይ የድልየካ ካብ ዝብል እዩ

